# ግዝያዊ መሪሕነት ኤ.ደ.ኪ-1 ንመሰረታት ሰለስቲኡ ውድባት ኣብ ካርቱም ሰፊሕ ኣኼባ ኣካይዱ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ኤ.ደ.ኪ.-1-**
24 **መጋቢት** 2007



ብዓርቢ 23 መጋቢት 2007 ምኽትል ኣቦ መንበር ኤ.ደ.ኪ-1 መሓመድኑር ኣሕመድ ዝመርሖ፣ ሰፊሕ ኣኼባ መሰረታት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት፣ ኣብ ኻርቱም ተኻይዱ። ኣብ ምምራሕ ናይቲ ኣኼባ ተጋ. ወልደሱስ ዓማር ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ፣ ተጋ. ሓጅ ዓብደኑር ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ናይ ሕብረተሰባዊን ህዝባውን ጉዳያት ሓላፊ፡ ከምኡውን ተጋ. ማሕሙድ ዑመር ኣባል መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ተሳቲፎም ነበሩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ተጋ. ተስፋይ ወልደሚካኣኤል ( ደጊጋ)ን ካልኦት ዓበይቲ መሪሕነታዊ ባእታታት ካብ ሰለስቲኡ ውድባትን ተሳቲፎም ነበሩ።

መራሕቲ ኣኼባ ኣብ መግለጺኦም፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝተጋህደ ፍልልያትን፡ ዝሰዓበ ምዕባሌታትን ብስፍሓት ገለጹ። ኣብ መግለጺኦም፡ ጉባኤ ብመሰረቱ ነቲ ንዓመታት ከከራኸር ዝጸንሖ ጉዳያት ሽሪዓን ጉዳይ ብሄራትን ከምኡውን ጉዳይ መጠናዊ ውክልና ሓያሎ ሕድገታት ብዘንጸባረቐ መንገዲ ክሰግሮ ከም ዝበቕዐ፡ ዕማማቱ እውን ብዓወት ክዛዝም ከም ዝኸኣለ ገለጹ። ይኹን'ምበር ጉባኤ ድሕሪ ምድምዳሙ ዝተኻየደ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ትጽቢት ዘይተነብረሉ ምዕባሌታት ከም ዝረኣዬ፡ ኣብርሁ። እዚ ምዕባሌታት'ዚ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዘትኮረ ኮይኑ፡ ብሸነኽ ኤደኪ-1 ንምፍታሑ  ክሳብ ካብ ሸነኽ ኤድኪ-2 ንኣቦ መንበርነት ሕጹይ ምቕራብ ዝበጽሐ፡  ብዙሕ ሓሳባት እኳ እንተቐረበ፡ ተቐባልነት ስለ ዘይረኸበ፡ ጉዳይ ብሓባር ምቕጻል ናብ ዕጹው መንገዲ ከም ዝበጽሐ ገለጹ።



ሽነኽ ኤደኪ-2 ነቲ ውሳኔ ንምሕላፍ፣ ብመሰረት ቅዋም ኪዳን፣ ዝጥለብ ¾ ጥሒሶም፣ ብተራ ብዝሒ ኣድሚጽና መራሒና ክንመርጽ ኢና፣ ንስኻትኩም ድማ ወይ ተደጋገፉና ወይ ውጹልና ዝዓይነቱ መርገጽ ምስ ወሰዱ እውን፣ ብሽነኽ ኤደኪ-1 መዋጽኦ ተባሂሉ ካብ ክልቲኡ ሽነኻት ብማዕረ ቁጽሪ እትውከል ግዜያዊት ሰክረታርያ ክትቀውም፣ ናብ ህጹጽ ጉባኤ ወይ ውን ናብ መጻኢ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ከተብጻሓና ዝብል ርእይቶ ቀሪቡ ነይሩ እዩ። እዚ መዋጽኦ እውን ተቐባልነት ስለዘይረኸበ ካብቲ ቅልውላው ክውጻእ ኣይተኻኣለን። በዚ መሰረት እቲ ንበይኑ ክጕዓዝ ዝመረጸ ሽነኽ ንበይኑ፣ ከምቲ ካብ መጀምርታ ኣትሒዙ ደሪቑሉ ዝነበረ፣ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ንሑሰን ኸሊፋ ኣቦመንበሩ ገይሩ ክጕዓዝ መርጸ።



ሰለስቲኡ ውድባት ድማ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃለዋት ንገዛእ ርእሱ ወዲቡ ክንቀሳቐስ ስለ ዝነበሮ፣ ንህልዊ ዕማማት ኪዳን-1 ዘካይድ ግዜያዊ መሪሕነት መሪጹ ይቕጽል ኣሎ፣

ብማለት፡ ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ሰሪጹ ንዝጸንሐ ሕቶታት ክምልስ ብዝኽእል መንገዲ ተገልጸ።

ኣባላት መሪሕነት ኤ.ደ.ኪ-1 መግለጺታቶም ድሕሪ ምድምዳም መድረኽ ሕቶታትን ርእይቶታትን ተኸፍተ'ሞ፡ ተሳተፍቲ ኣባላት ብዕቱብነት ሕቶታቶምን ርእይቶታቶምን ኣቕረቡ።

ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታትን ርእይቶታትን: ቀንዱ ነቲ መሪሕነት ዘርኣዮ ናይ ፍታሕ ጸዓታት ዝመጉስን፡ እዚ ሰለስተ ውድባት'ዚ በቲ ተተሓሒዝዎ ዘሎ መድብ ክቐጽል ዘተባብዕን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ኪዳን ከም ሓደ ኣካል ክቕጽል ዘይምኽኣሉ ብፍላይ ካልኣይ ሸነኽ ኪዳን ዘርኣዮ ዘይሓላፍነታውን ዘይሕጋውን ተግባራት ዝነቕፍ ነበረ።



ብፍላይ ንሰልስቲኡ ውድባት ዝወሰዶ መርገጻት ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ጉባኤ ዝተራእዩ ሕድገታት ዓቢ ምኻኑ ካብ ዘይተርፎ፡ ብፍላይ ሑሰን ኸሊፋ ኣቦ መንበር ይቐጽል ዝብል ድርቅና እውን ካብ ተራእዬ፡ እቲ ሕድገታት ቀጺሉ ንሸሞንተ ወርሒ እንተዝቕጽልዶ ኣይምሓሸን ዝብል ሕቶ ቀረበ። መሪሕነት ኣኼባ ድማ ሑሰን እምቢ ስለ ዝበለ ገዲፍናካ ኣሎና ክንብል ነቲ ኪዳን ንባዕሉ እውን ኣየምሕረሉን፡ እምቢ ካብ ስልጣን ኣይወርድን ንዝበለ ክንገድፍ እንተኾይንና ንባዕሉ ንመጻኢት ኤርትራውን ዘየገልግል ኣሉታዊ ባህሊ ምስፋን እዩ። ናይ ኢሳያስ እምቢታ ይኣኽለና በሉ። ብተወሳኺ ንኽልተ ዓመት ዝመርሐ ሳልሳይ ዓመት እንተ ወሲኽና ብዓይኒ ምቅብባል ስልጣን ቅኑዕ ኣይኮነን። ከክልተ ዓመት ሂብናውን ናይ እቶም ዕስራን ክልተን ኣባላት መሰል ናይ ምምራሕ ከንማልእ 33 ዓመታት ክወስደልና እዩ ብማለት ከም ኣብነት ኣቕረቡ። ንተራ ኣቦ መንበር ናይ ዝሓለፈ ኪዳን ብምጥቃስ ከኣ፡ ፍሽለት ናይ መሪሕነት ምስ ተላዕለ፡ ሑሰን ከሊፋ ባዕሉ ናብዚ ጉባኤ'ዚ ንምብጻሕ ምብቃዕ ጥራሕ እዩ እቲ ፍርያት ተባሂሉ ዝግለጽ ክብል ከም ዝገልጸ ንኣኼበኛ ተሓቢሩ ። እንተ ብዛዕባ ናብ ጉባኤ ዝቐረበ ጸብጻብ ግን ብዘይካ ሓደ ክልተ ናይ ብምላኡ፡ ኣብያተ ጽሕፈት ጸብጻባት፡ ግሁድ ፍሽለት ዘንጸባረቐን ዘሕንኽን ከም ዝነበረ፣ ብተሪር ድማ ከም ዝተነቕፈ ንኣኼበኛታት ብዝርዝር ተገልጸ።

ብተወሳኺ ካብ ዝቐረቡ ክልተ ኣገደስቲ ሕቶታት፥

- ኣብ ቻርተር ከብ ተሰማማዕኩም ኣብ ጉዳይ መሪሕነት ክትፈላለዩ እንክለኹም ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ስለ ዝነበረ እዩ። ክስገር ኣይምተኻእለንዶ?
- በቲ ካልኣይ ሸነኽ ናይ ኪዳን ካብ ዝዝርጋሕ ነጥብታት፡ እቲ ፍልልይ ጆኦግራፊያዊ መልክዕ ሒዙ ኣብ መንጎ ከበሳን መታሕትን፡ እስላምን ክርስታይን ከም ዝነበረ ይግለጽ፡ በዚ ዓይነት ፍልልይ ግርጭት ከምቲ ናይ ሶማል ከይከውን ኣየስግእንዶ ዝብላ ነበራ።

መሪሕነት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ጉዳይ መሪሕነት ብኣረዳድኣ ብዙሓት ዘይመሰረታዊ ኮይኑ ይውሰድ እዩ። ግንከ ብመሰረቱ ሽግር ናይ ኤርትራ ሽግር ናይ መሪሕነት ምኻኑ ክንግዘብ የድልየና። ናጻ ኤርትራ ናብዚ ኩሉ ጸገም ዝወደቐት ኣሳያስ ዝተባህለ መራሒ ኣብ ኾረሻ ስልጣን ብምውጣሑ እምበር፡ ኣብ ወረቐት ዝተሰነደ ፕሮግራማት ስለ ዘይነበረ ኣይኮነን። እሳያስ ኣልጊስካ ካልእ ኢሳያስ ንኸይነቐምጥ ብእዋኑ ክንጥንቀቕ የድልየና። ካብ ሕጂ ፍትሓዊ ምቅብባል ስልጣን ከነታኣታቱ፡ ነቲ ዘጸደቕናዮ ፕሮግራም ብብቕዓት ንኸፈጽም ዝኽእል ሰብ ከንምጽእ ንባዕሉ ናይ ዕቱብነትና መዐቀኒ እዩ። ብመሰረቱ ፖሊቲካዊ ቃልሲ ናይ ስልጣን ቃልሲ ከም ዝኾነ ምስ እነስምረሉ ድማ እቲ ጉዳይ ኣገዳስነቱ ብዝያዳ ከም ዝዓዝዝ ብዝርዝር ኣብርሁ።



ነቲ ካልኣይ ሕቶ ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ኪዳን ዝተረኸበ ፍልልያት ብጆግራፍያዊ መሰረት ዝተመቐለ እዩ ዝብል ኣረዳድኣ፡ መሰረት ዘይብሉን፡ ካብቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ፍልልይ ኣሊኻ ንምድንጋር ዝግበር ታክቲክን፡ ምዃኑ መሪሕነት ኣኼባ ኣብርሁ። እቶም ኣኼበኛታት ካብ ከበሳን መታሕትን፡ ካብ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብን፡ ካብ ናይ ክልቲኡ ሃይማኖታት ምእመናንን ስለ ዝነበሩ፡ ድማ እስከ ነዚ ተኣኺቡ ዘሎ ኣባል ናይ'ዚ ሸነኽ'ዚ ጥራሕ ንርኤ፡ ክብሉ ሓተቱ። እቲ ሓቂ፡ ንክውንነት መላእ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ብጉልሂ ዝርኤን ዘይሕባእን ተሳትፎ ብምንባሩ ድማ፡ ዝተሓተተ ሕቶ ምሉስ፡ እቲ ስግኣት እውን ብኑን ነበረ። ብሓባር ተቓሊሱ፡ ብሓባር ነጻነት ዘመዝገበ ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ብሓባር ደሞክራስያዊ ስርዓት ክተክል እዩ። ሶማል ብዕጡቓት ናይ ቀባይል ሓይልታት ዝተበከለ ፍሉይ

ክውንነት ኣለዎ፣ ኤርትራ ሶማል ክትከውን እያ ምባል፣ በቶም ኣብ ፖሊቲካ ቅኑዕ ግደ ዘይጻወቱ ዝዝርጋሕ ፍሹል ናይ ምፍርራሕ ስልቲ እዩ፣ ብምባል ንኣኼበኛታት ዝመሰጠን ዘቕስንን፣ መብርሂታት ሃቡ።



ብዛዕባ'ቲ ኣሰያይማ ኤደኪ-1 ወይ ኤደኪ-2 ዝብል ኣጸዋውዓ ሕቶ ቀሪቡ'ውን ካብ መርበባት ኢንተርነት እተወስደ ኣጸዋውዓ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣብ መደምደምታ ዕግበት ኣኼበኛታት ብዘንጸባርቕ፣ ኣብ መዋእል ኪዳን ዘይተሞከረ፣ ከምዚ ዝበለ ሰፊሕ ኣኼባታት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ክቕጽል ለበዋታት ድሕሪ ምትሕልላፍ ኣቲ ኣኼባ ብዝኽሪ ስዉኣት ተደምደመ።

